*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

# *A short biographe Of*

# *Bashai Temelso Qelete*



*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea 2012

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ባሻይ ተመልሶ ቀለተ



ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

ኣስመራ ፡ ኤርትራ 2012

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 381 |
| ባሊዲ ፣ ሎሚ ተጋጊኻ | 384-385 |
| ደግያት ተሰማ | 386 |
| ጎፈሬ ፣ መን ኢና ይብሉ ፣ ሪመይ ፣ ሎረንዞ ታእዛዝ | 387-390 |
| ሜስ ጻዕዳ ፣ ተገደርና ፣ ብሽመት ገናሒ ፣ እንተ ትሕወሰ ፣ ሞሰ ፣ ስምዓኒ | 391-395 |
| ይራሕራሕ ፣ ጠጥዕሙ ፣ ዉላድ ሓቂ ፣ ደመ ስምዒ ፣ ክገድፈኩምዶ ፣ ጎይታ ባሕሪ | 396-398 |
| ናስር ባሻ ፣ ሹም ሳልሕ ፣ ተዛረቡ ቦዱ ፣ ያሒት ኣሜን ፣ እምብልታ ፣ ቀሚሽ ፣ ሓው ሳንደ ፣ | 400-402 |
| ናባኻ ተመሊሱ ፣ ቆብዐይ ኣስፊ ፣ ደብሹ | 403-404 |

# ባሻይ ተመልሶ ቐለተ

ኣቶ ነጋሽ፣ ካብ'ቶም ማሰ ኸብሉ ኣጸቢ.ቑም ዘርከቡሎም ፍሉጣት ማሰኛታት እቶም ብኽእለቶምን ተቐባልነቶምን ጸብለል ዝበሉ ባሻይ ተመልሶ ቐለተ በዓል መንደፈራ (ዓረት) ከም ዝነበሩ ይገልጹ። ተመልሶ ቐለተ ሓደ ኻብ'ቶም ጣልያን ንኢትዮጵያ ምስ ተቘጻጸራ፣ ብ1938 ብሓልዮት ኮማንዳቶረ ሳልሕ ኣሕመድ ኬኪያ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ

ዝተዳለወ ዲስኮታት ገለ ማሲታቶም ተመሊኡ ዝተዘርግሓሎም ውሑዳት ማሰኛታት እዮም። እቲ ዲስኮታት፡ ከምዚ ናይዚ እዋን'ዚ ካሴታትን ሲዲታትን ተደጋጊሙ ይስማዕ ስለ ዝነበረ፣ ተመልሶ ቐለተ፣ ማሰኦም ክስተማቐረሎምን ብህዝቢ ተፈላጥነት ክረኽቡን ዕድል ረኺቦም። ደሓር ዳኛ (ጭቃ) መንደፈራ'ውን ዝነበሩ ባሻይ ተመልሶ፣ ዓቢ ሽም ዘጥረዩ

ክቱት ማሰኛ ነበሩ።

"ባሻይ ተመልሶ መምህረይአም። ማስኦም ይኹን መልቀሶም ሕሉፍኡ ዝነበረ። ንዕኦም ዘየኽብርን ብኸእለቶም ዘይግረምን ማሰኛ ኣይነበረን፡" ይብሉ ማሰኛ ነጋሽ ሳግላ።

ተመልሶ፡ ተመሃራይን ወራስን ካሕሳይ ሰምዲ ምኻኖም ክነግሩ፡

ግዛዶ ይቐውም ብዘይ ዓንዲ
ነገርዶ ይውዳእ ብዘይ ፍርዲ
እንጌራዶ ይበስል ብዘይ መጐዲ
መጻእኩ'ኹም ዕባይ ካሕሳይ ሰምዲ!

ኢሎም የዝምሩ ከም ዝነበሩ ይዝንቶ።

ተመልሶ ቐለተ፡ ዝተወልዱሉ ዓመት'ኳ 1900 ኣቢሉ እዩ ዝብል ግምት እንተ'ሎ፡ ዝሞቱሉ ዓመት 1986 ምኻኑ ወዶም ሻምበል ጕይትኦም ይገልጽ። ባሻይ ተመልሶ፡ካብ እዋን ጣልያን ኣትሒዞም ክሳዕ መፋርቕ 1970ታት፡ ምስናይ ልዑል ዝናኡ ንልዕሊ ሓምሳ ዓመት ብሞያ ማስን መልቀስን ዘበርከቱ ውሩይ ማሰኛ እዮም። ኣብ ምእራጎም፡ ደርግ ስልጣን ሒዙ ኣብ ኤርትራ ናይ ኲናትን ዘይርግኣትን ሃዋህው ምስ ተፈጥረ እዮም ከኣ ንማስን መልቀስን ዝተሰናበቱዎ።

ማሰ ኸብሉ ኸለዉ፡ ብቓና ይኹን ብፍረ፡ ምሒር ተፈታዊ ምንባሮም ዳርጋ ኹሎም ዘርከቡሎም ሰባት ይሰማምዑ። ካብኡ ናብኡ ኸኣ፡ ለይቲ ብመብራህቲ ማሰ ኸብሉ "ግኒ ይጸዓኖም" ከም ዝነበረ እዩ ዝውረየሎም።

ግራማተን ዝዓዶም ማሰኛ ከበዶም ተኪእ፡ ንማሰ ብ"ዛር" መሲሎም "ኣባት ዛርና" ማለት "ሓለቓና ወይ ሓለቓ ማሰኛታት" ክብሉ ዝገለጹ ዎም'ምበኣር ነቲ ዕዙዝ ናይ ማሰ ኽእለቶም ንምንኣድ'ዩ ።

ምስሌነ ዘርኢሞሲ ዝነበሩ ኣዝማች ሓጕስ ንጉስ ኣብ ከሸዓት ዓሎም ከመርዕዉ ኸለዉ፡ ሓደ ብኽእለቶም ዘይነኣዱ "ማሰኛ"፡ በዓል ተመልሶ ቐለተ ናብ'ቲ ዳስ ኣብ ዝኣትዉሉ ዝነበሩ ጊዜ፡ እዞም ዓበይቲ ማሰኛታትከ እንታይ ይብሉኒ ኢሎም ክይተሰከፉ ደርገፍገፍ እናበሉ ማሰ ምስ በሉ፡ ባላምባራስ ከበዶም ተኪእ ትቕብል ኣቢሎም ነዚ ዝስዕብ ማሰ ገበሩ።

ባሻይ ነደድን ባሻይ ተላን፡ ተመልሶ፡ ብኣኽብሮት ማሰ ምስ በሉሎም፡ "እዚ ጠንቋሊ፡ ኣፍናንድዩ ደኣ ዓቢሉና ሕጂ!" ኢሎም ስሒቖም ተረፉ። ተመልሶ ኸኣ፡ ነታ ዳስ ተቘጻጺሮማ ወዓሉ ይብሃል።

✺

ደግያት ገብረየሱስ ወልደጋብር (ሰገነይቲ) ምስሌኔ ሃዳድም ጭዓሎን ደጊዕንን ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ ኣብ ዑና ዓንዶም መርዓ ጓሎም ምስ ገበሩ ገለ ኻብ'ቶም ኣብ ውግእ ዓድዋ፡ ባልያን ተሳዒሩ ሰራዊቱ ምስ ተማረኸ ብመቑረጽቲ የማነይቲ ኢድን ጸጋመይቲ እግርን ዝተቐጽዑ ቈራጻት (ባሊዲ) ተዓዲሞም ኣብኡ ነበሩ'ሞ፡ ሳላ'ቲ ካሕሳ ናይ መቑረጽቶም ዝኸፈሎም ዝነበረ ትርንዕ ዝበለ ደሞዝ ብዙሕ ሰልዲ ሒዞም ህያባት ክህቡን ክውሃቡን ዘስተብሃሉ ተመልሶ ቐለተ፡ ማሰኛታትን ሰብ ምሉእ ኣካላትን እንክለዉ ክንዲ ናይ'ቶም ስንኩላን ገንዘብ ክሕዙ ብዘይ ምኽኣሎም ኣተሓሳሰቡዎም ከምዚ ኢሎም ማሰ በሉ።

**ባሊዲ**

ኣታ'ዛ ማሰና እንድዒ ለሚጻ
ሽመት ጥዑይ'ምበር ኣንደልሂጻ
ናብ ቈራጻት ኣዳዕዲዓ ግጻ[1]
ካብ ኩላተን ባሊዲ በሊጻ
ቀስ ኢለዶ'ዛ እግረይ ክቘርጻ
ከምዚ ናቶም ክመጸኒ ግጻ
ኪም ባሊዲ ክበልዕ ብናጻ።

ብላታ ደበሳይ ጭሮም'ውን ተዓዲሞም ኣብቲ ዳስ ስለ ዝነበሩ ንተመልሶ ከምዚ ዝስዕብ መለሱሎም።

**ሎሚ ተጋጊኻ**

ወዲ ቐለተ እንዲኻ ወደ'ቦኻ
ዘይትጋገ ሎሚ ተጋጊኻ
ዝናር ዘይዓጠቐ መዓንጣኻ

[1] ግጻ = ህያብ፡ ገጸ በረኸት።

ብኽፍካዶ ኣሽሓት ደሊኻ
እንተ ቘረጽካያ'ዛ እግርኻ
ከይመስለካ መሃያ ዝቡኻ
ኣሚነይ ኣሚነይ ትብል ሰበይትኻ
ኣቦይ ኣቦይ ይብሉ'ቶም ደቅኻ
ኣብ ንእዲ ትውዕል ተኹርሚኻ
ቃዲረን ይተርፋ ገራሁኻ
ቅነ ሓምለ ትመውት ደንቢኻ
ዘዕብዮም ይስእኑ ቈልዑኻ።

ኣብ ጥሪ 1933 ራእሲ ተሰማ (ማዕረባ) ደግያት ክለዉ እዩ። ብላታ በራኺ በኺት (ኣርባዕተ ኣስመራ) እውን ራእሲ ኣየበሉን ኔሮም። ደግያት ተሰማ፡ ንወዶም ገብረኺዳን ናብ ጓል ወዶም ንብላታ በራኺ ጓል ኣዝማች ኣስረሰሀኝ (ደሓር ደግያት ዝኾኑ) ኣሕጽዮሞም መዓልቲ መርዓ ምስ ኣተወ፡ ንተመልሶ ቐለተ ኣጸዊዖም፡ "ንገረኺዳን ወደይ ካብ እንዳ ብላታ በራኺ ጓል ከነምጽኣሉ ናርባዕተ ኣስመራ መርዓ ክንወርድ ኢና። ሓማሴን ክምዚ ናትና ማስ ስለ ዘየዘውትሩ እዞም ኣከለጉዛይ ደኣ እንታይ እዮም ዝብሉ ዘለዉ ከይብሉና፡ ካብ ሕጂ ማስ ክም ዘይትብል ክነግረካ ኢለ እየ ክትመጽኣኒ ዝለኣኽኩልካ። እቲ ማስ ምባል መሸም ወልፊ'ንድዩ ዝኾነኩም፡ ናብኡ እንተ ኼድካ መን'ፈልጥ ክይመልቑካ ኸኣ መርዓ'ውን ኣይትወርድን ኢኻ፡" በሉዎም።

ደግያት ተሰማ ከምኡ ምባሎም ዝገረሞም ተመልሶ፡ ነቶም ደሓር ደግያት ዝኾኑ ፊተውራሪ ኣብርሃ ወዲ ደግያት ተሰማ፡ ኣቦኦም ኣጸዊዖም ዝበሉዎም ነገሩዎም'ሞ፡ "ብዘይ ማሰ ደኣ እንታይ መርዓ ጌርና ክንብል። ደሓን፡ ኣብ ከምኡ ብዙሕ ስለ ዘይግደሱ በቲ ጐይታይ ዝበሉኻ ኣይትሰከፍ። ብግቡእ ማሰ ክትብል ኢኻ። ከም ዝስሕቁ ጥራይ ግበሮም። ምሳና እንተ ኼድካ ተመለስ ከይብሉኻ ኸኣ ሓሊፍካ ጽንሓና፡" ኢሎም ኣተባብዑዎም።

ተመልሶ ሓሲፎም ጸንሑ። ወራዶ መርዓ ካብ ማዕረባ ኣትዮም እናተበልዐ እናተሰትየ ኸሎ፡ ደግያት ተሰማ ንተመልሶ ኣብቲ ገፊሕ ዳስ ብማዕዶ ኣለልዮሞም፡ "ተመልሶ ዲዩ ዝርኣየኒ ዘሎ'ታ፣" ኢሎም ምስ

ሓተቱ፣ ፊተውራሪ ኣብርሃ፣ "ዓይንኹም እዩ ዝኽውን'ምበር፣ ተመልሰ ደኣ በየን መጺኡ መርዓ'ኳ ዘይወረደ፧" ክብሉ መለሱሎም። እዋን ማሰ ምስ ኮነ፣ ተመልሰ፣ ካብ ኩፍ ዝበሉዎ እናተሰኡ፣ "ማሰ'ስኪ'ታ ማሰ'ስኪ'ታ ማሰ!" ኢሎም ምስ ኣድሃዩ ድማ፣ "ንሱ እዩዶ ኣይበልኩኻን። በየን ደኣ ነጢቡ'ዚ ለፍላፊ!" ክኣ በሉ ደግያት ተሰማ ቍጥዕ ኢሎም። ፊተውራሪ ኣብርሃ፣ "ጽቡ'ቕ የዛርቦ ኢልኩም ጥራይ ስምዑ'ምበር፣ ካብ መጸ'ሞ ሕጂ እንታይ ክግበር'ዩ፧" ምስ በሉዎም ግን፣ ልቢ ዝልቦም ስቕ በሉ። ተመልሰ፣ ዳስ፣ "ሰዶ!" ኢሉ ምስ መለሰሎም ማሰኦም ተተሓሓዙዎ።

**ደግያት ተሰማ**

ብላታ በራኺ ኣባ ዳማ[1]
ወዲ ኽንቲባ በኺት በዓል ወርቂ ጋማ
ወዲ ተወልደመድሂን በዓል ወርቂ ጋማ
ተላሒጽካ ትሰብሕ ከም ድማ
'ዛ ካርነሽም ብልዓያ ተምትማ
ደቂ ተሽም ብልዓያ ተምትማ
ድንበዛን ዓንሰባ ብልዓያ ተምትማ
ሰሓርቲ ሎጎ ጭዋ ብልዓያ ተምትማ
ብሓማሴና ብልዓያ ተምትማ
ንሰራየ'ውን ምስኣ ኣዳግማ
ነከለጉዛይ ግን ኣብ ዘላቶ ኣቍማ
ሓቀይ'ንድየ ደግያት ተሰማ!

ምስ በሉዎም ክኣ፣ ደግያት ተሰማ፣ "ሓቕኻ ሓቕኻ ሓቕኻ ተመልሰ! ..." እናበሉ ብዘይ ልቦም ሰሓቑ ይብሃል።

✿

ብ1935 ጣልያን ንኢትዮጵያ ወሪሮም ምስ ሓዙዋ፣ ሓያሎ ካብ'ቶም ብጣልያን ተዓስኪሮም ንኢትዮጵያ ዝሰገሩ ኤርትራውያን፣ እተን ተመልሰ ቖለተ "ጐፈሬ" ዝበሉወን ኣንስቲ ዓደ'ምሓራ ካብ ዓዶምን

[1] ኣባ ዳማ፣ ቃል ፈኸራ ራእሲ በራኺ በኺት'ዩ።

ኣንስቶምን ምርሓቕም ርእየን ስለ ዘስድዓኦም ሓዳሮም ጠሊሞም ምስኣን ሃነይነይ ኢሎም ነበሩ። ባሻይ ተመልሶ ኣብ ዓዲ ኸለዉ በቶም ከምኡ ጌሮም ዝተባህሉ ይምከሑ ኔሮም። ማሰኦም ኣብ ዲስኮ ክመልኡ ብኾማንዳቶረ ሳልሕ ኣሕመድ ኬክያ ተዓዲሞም ብ1938 ንኣዲስ ኣበባ ምስ ከዱ ግን፡ ንባዕሎም'ውን ኣብ መጸወድያ ጐፈሬ ስለ ዝኣተዉ፡ ከምዚ ኢሎም ማሰ በሉለን።

### ጐፈሬ

ጐፈሬ ዝብሉወን ኣይተኻእላን ኣንታ
ክምስ እናበላ እናተኸፍታ
መሸኒና ሓሊፈን ዝዘምታ
ኣብ ዓድና ኣለዋ ብጓሂ ዝሞታ
ንጥርዓለን ናብ ዱካ ዳዎስታ[1]
ሓንቲ'ዚኣ ተረኺበተን እንታ።

ኣንታ'ዘን ጐፈሬ ክዘምታ ሓቃተን
ብመሸኒ ገቢረን ግዝኣተን
ብኸምስምስ ገቢረን ግዝኣተን
ክኸፍላ ኢለን ሕነ ኣቦታተን
ኣብ ኣስናነን ገቢረን ጥይተን
ኣብ መንጎ ሰለፈን ዝመውጋእተን
ወይ ኣይተሕመን ኣይተምተን
ንዑ ናባይ ዝብላና ባዕላተን
ከይፈቶና እናበላ ጋሕተን
መደረዶ'ለና ምስ'ዚኣተን
እዕገስ ዝብል ምኩሕ ይፍተን።

[1] ኣመድዮ ዱካ ድኣዎስታ፡ ብመስፍን እዎስታ ዝፍለጥ፡ መግዛእታዊ ወኪል (viceroy) ንጉስ ኢጣልያ ኣብ ኢትዮጵያ ተሸይሙ ንማርሻል ግራዝያኒ ብምትካእ ብ22 ታሕሳስ 1937 ኣዲስ ኣበባ ዝኣተወ ካብ ንጉሳዊ ቤተ ሰብ ዝውለድ ኢጣልያዊ በዓል ስልጣን ነበረ።

እቶም ካብ ዝባን ዓረት ናብዚ ሕጂ ዘለዉዎ ሓውሲ ቖላ መሬት ዝወረዱ ኣቶ ወዲ ፍቁር ዝፈረዩዎም ብርኪቶን ዓዲ ኾታን፡ ደግያት ገብረዝጊ ጓንጉል (ዓዲ ኾታ) ምስሌኑ መጽሐ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን መግዛእቲ ጣልያን፡ ምስ'ቶም ሳእሉ ወዲ ፍቁር (ሳእሉ ታሕታይ) ዝወለዶም ኣብ ዝባን ዓረት ዝተረፉ መንደፈራ ብመሬት ነገር ኣልዓሉ። ኣብዚ መጕት'ዚ ባሻይ ተመልሶ ሓደ ካብ ወዳእቲ-ነገር መንደፈራ ነበሩ። ደግያት ገብረዝጊ ብዝነበሮም ስልጣን፡ ባሻይ ተመልሶ ድማ ብዝነበሮም ናይ ማሰ ኽእለት እናተጠቕሙ ክልቲኦም ይፈኻኸሩን ይተሓያየሉን ኔሮም። ኣብ ከምዚ ዝበለ ነገርን ምትህልላኽን ከለዉ እዮም ከኣ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ኣብ ሓደ ብዙሓት መኳንንቲ እንዳ'ባ ዝተረኽቡሉ ውራይ፡ ደግያት ገብረዝጊ ሽመት ዝረኸቡ ናይ ኣቦኦም ጸኒሑዎም ዘይኮነስ ሳላ'ቶም ኣበምኔት ደብረ ቢዘን ዝነበሩ ወዲ ሓውቦኦም ኣባ ዓንደማርያም ሓጐስ እዮም ንዝብል ሒሜታ ብምግሃድ፡

**መን ኢና ይብሉ**

ደግያት ተሰማ ወዲ ከንቲባ ኣስበሮምስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ናስር ባሻ ወዲ ሹም ኣቡበክርስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች ዘርኣት ወዲ ኣዝማች ጠዓመስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች በየነ ወዲ ደግያት ዛህላይስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች በራኺ ወደ'ዝማች ብሩስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች ገረየሱስ ከኣ ዓርኪ ገብራይ ኮይኑ ወዲ ተኸሉ
ንባዕሎም ተሸይሞም ነቦታትና ዝብሉ
ኣታ'ዞም ካልኦትከ
መን ኢኹም እንተ በልካዮም መን ኢና ይብሉ
ብፈለስቲ ሽመት ዝቕበሉ!

ኢሎም ኣብ ቅድሚ ከምኦም ዝበሉ ሹመኛታት ብማሰ ዘናሸዉዎም። ሽዑ፡ "ማ ዋርዳምቦ! ነዚ ማሰኻ ካብ ምስማዕ ቁንጪ ምብልዕ ይሓይሸ፡" ኢሎም ሓረቐም ተሲኦም ዝኸዱ ደግያት ገብረዝጊ ድማ፡ ነዚኣ ኣብ ስኖም ነኺሶም፡ ሓንሳእ እናእሰሩ ሓንሳእ ብገንዘብ እናቕጽዑ፡ ተመልሶ፡ መጕቶም ከም ዘይሰልጠም ገበሩ። ደግያት ገብረዝጊ በታ ስልጣን ምስ በርትዑዎም ከኣ፡ ባሻይ ተመልሶ፡ መፍትሒ ትርከባ እያ ዝበሉዋ መዓልቲ መሪጾም፡ ኣብ ሓደ ራእሲ ተሰማ ባዕሎም ዝነበሩሉ ዓቢ ውራይ፡

ኣስማት ናይቲ ዝሰሓሓቡሉ ዝነበሩ መሬት እናዘርዘሩ ከምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉ።

ሪመይ

አብ ጋሌለ እንተ በልኩ ሪመይ
አብ ጐላጉል እንተ በልኩ ሪመይ
አብ ዋልያ እንተ በልኩ ሪመይ
አብ ዳንባ እንተ በልኩ ሪመይ
ማይ ኣንበሳ እንተ በልኩ ሪመይ
አብ ሓንቦኽ እንተ በልኩ ሪመይ
ወዲ ጓንጉል ተፈጢሩ ስመይ
ክሰደኒ ደልዩ ንዓሰመይ
ኣንታ ዕረቒኒ ከም ቀደመይ
ሓሪሰ ኸበልዕ'ዘን ስገመይ!

ደግያት ገብረዝጊ፡ ሰብኣይ ጓሎም ንራእሲ ተሰማ ስለ ዝነበሩ፡ ራእሲ፡ ዓገብ ክብሉሎም ኢሎም'ዮም፡ ተመልሰ፡ ነዛ መዓልቲ'ዚኣ ተጸብዮም ማሰ ዝበሉ። ደግያት ገብረዝጊ ኸኣ፡ ኣብ ኣፍ ራእሲ ከይበጽሑ ተቐላጢፎም፡ "ተመልሶ ወዲ ሓውቦይ፡ ኣበይ ኣላ ዘይተገማጥል መዓልቲ ኢልካ ኢኻ ረኺብካኒ'ሞ ደሓን ባዕለይ ይፍታሕ ኢለልካ'ለኹ፡" ኢሎም ሽዓ ተዓረቖዎም ይብሃል።

⁂

ኣብ ሃገሮም ኤርትራ እቲ ኸረኸቡዎ ዝኽኣሉ ትምህርቲ ጣልያን ድሕሪ ምቕሳም ኣብ 1920ታት ናብ ኢትዮጵያ ብምኻድ ብሓልዮት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ከኣ ሃጸይ ሃይለስላሴ፡ ኣብ ፈረንሳ ክመሃሩ ዕድል ብምርካቦም ብትምህርቲ ሕጊ መዓርግ ዶክተርነት ዝለበሱ ብላቴን ጌታ ሎሬንሶ ታእዛዝ (መብራህቱ ታእዛዝ) ኣብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለየ ላዕለዋይ ጽፍሕታት፡ ክሳብ ብደረጃ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ድሕሪ ምግልጋል ብሰነ 1947 ኣብ መበል 47 ዓመቶም ሞይቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተቐብሩ ብ5 ሓምለ 1947 ኣብ ዓዶም ከተማ ዓዲ ቐይሕ ኣብ ዝተገብረሎም ካልኣይ ቀብሪ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ከምዚ ኸብሉ

እቶም ካብ ዝባን ዓረት ናብዚ ሕጂ ዘለዉዎ ሓውሲ ቖላ መሬት ዝወረዱ ኣቶ ወዲ ፍቁር ዝፈረዩዎም ብርኪቶን ዓዲ ኹታን፣ ደግያት ገብረዝጊ ጓንጉል (ዓዲ ኹታ) ምስሌና መጽሐ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን መግዛእቲ ጣልያን፣ ምስ'ቶም ሳእሉ ወዲ ፍቁር (ሳእሉ ታሕታይ) ዝወለዶም ኣብ ዝባን ዓረት ዝተረፉ መንደፈራ ብመሬት ነገር ኣልዓሉ። ኣብዚ መጕት'ዚ ባሻይ ተመልሶ ሓደ ካብ ወዳእቲ-ነገር መንደፈራ ነበሩ። ደግያት ገብረዝጊ ብዝነበሮም ስልጣን፣ ባሻይ ተመልሰ ድማ ብዝነበሮም ናይ ማሰ ኽእለት እናተጠቕሙ ክልቲኦም ይፈኻኸሩን ይተሓያየሉን ኔሮም። ኣብ ከምዚ ዝበለ ነገርን ምትህልላኽን ከለዉ እዮም ከኣ፣ ተመልሰ ቐለተ፣ ኣብ ሓደ ብዙሓት መኳንንቲ እንዳ'ባ ዝተረኽቡሉ ውራይ፣ ደግያት ገብረዝጊ ሽመት ዝረኸቡ ናይ ኣቦኦም ጸኒሑዎም ዘይኮነስ ሳላ'ቶም ኣበምኔት ደብረ ቢዘን ዝነበሩ ወዲ ሓውቦኦም ኣባ ዓንደማርያም ሓጕስ እዮም ንዝብል ሒመታ ብምግሃድ፣

መን ኢና ይብሉ

ደግያት ተሰማ ወዲ ከንቲባ ኣስበሮምስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ናስር ባሻ ወዲ ሹም ኣቡበከርስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች ዘርኣት ወዲ ኣዝማች ጠዓመስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች በየነ ወዲ ደግያት ዛህላይስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች በራኺ ወደ'ዝማች ብሩስ ኣቦኡ ኣጽኒሑሉ
ኣዝማች ገረየሱስ ከኣ ዓርኪ ገብራይ ኮይኑ ወዲ ተኸሉ
ንባዕሎም ተሸይሞም ነቦታትና ዝብሉ
ኢታ'ዞም ካልኦትከ
መን ኢኹም እንተ በልኮዎም መን ኢና ይብሉ
ብፈለስቲ ሽመት ዝቕበሉ!

ኢሎም ኣብ ቅድሚ ከምኦም ዝበሉ ሹመኛታት ብማሰ ዘናሸዉዎም። ሽዑ፣ "ማ ዋርዳምቦ! ነዚ ማሰኻ ካብ ምስማዕ ቁንጪ ምብላዕ ይሓይሸ፣" ኢሎም ሓሪቖም ተሲኦም ዝኸዱ ደግያት ገብረዝጊ ድማ፣ ነዚኣ ኣብ ሰኖም ነኺሶም፣ ሓንሳእ እናእሰሩ ሓንሳእ ብገንዘብ እናቕጽዑ፣ ተመልሰ፣ መጕቶም ከም ዘይሰልጠም ገበሩ። ደግያት ገብረዝጊ ቡታ ስልጣን ምስ በርትዑዎም ከኣ፣ ባሻይ ተመልሰ፣ መፍትሒ ትርከባ እያ ዝበሉዋ መዓልቲ መሪጾም፣ ኣብ ሓደ ራእሲ ተሰማ ባዕሎም ዝነበሩሉ ዓቢ ውራይ፣

ኣስማት ናይቲ ዝሰሓሓቡሉ ዝነበሩ መሬት እናዘርዘሩ ክምዚ ዝስዕብ ማሰ በሉ።

*ሪመይ*

ኣብ ጋሌለ እንተ በልኩ ሪመይ
ኣብ ጕላጉል እንተ በልኩ ሪመይ
ኣብ ዋልያ እንተ በልኩ ሪመይ
ኣብ ዳንባ እንተ በልኩ ሪመይ
ማይ ኣንበሳ እንተ በልኩ ሪመይ
ኣብ ሓንቦኝ እንተ በልኩ ሪመይ
ወዲ ጓንጉል ተፈጢሩ ስመይ
ክሰደኒ ደልዩ ንዓሰመይ
ኣንታ ዕረቑኒ ከም ቀደመይ
ሓሪስ ኸበልዕ'ዘን ሰገመይ!

ደግያት ገብረዝጊ፡ ሰብኣይ ጓሎም ንራእሲ ተሰማ ስለ ዝነበሩ፡ ራእሲ፡ ዓገብ ክብሉሎም ኢሎም'ዮም፡ ተመልሶ፡ ነዛ መዓልቲ'ዚኣ ተጸብዮም ማሰ ዝበሉ። ደግያት ገብረዝጊ ኸኣ፡ ኣብ እፍ ራእሲ ክይበጽሑ ተቐላጢፎም፡ "ተመልሶ ወዲ ሓውቦይ፡ ኣበይ ኣላ ዘይተገማጥል መዓልቲ ኢልካ ኢኻ ረኺብካኒ'ሞ ደሓን ባዕለይ ይፍታሕ ኢለልካ'ለኹ፡" ኢሎም ኸዓ ተዓረቑዎም ይብሃል።

❁

ኣብ ሃገርም ኤርትራ እቲ ኸረኽቡዎ ዝኸኣሉ ትምህርቲ ጣልያን ድሕሪ ምቕሳም ኣብ 1920ታት ናብ ኢትዮጵያ ብምኻድ ብሓልዮት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ከኣ ሃጸይ ሃይለስላሴ፡ ኣብ ፈረንሳ ክመሃሩ ዕድል ብምርካቦም ብትምህርቲ ሕጊ መዓርግ ዶክተርነት ዝለበሱ ብላቴን ጌታ ሎሬንሶ ታእዛዝ (መብራህቱ ታእዛዝ) ኣብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለየ ላዕለዋይ ጽፍሕታት፡ ክሳብ ብደረጃ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ድሕሪ ምግልጋል ብሰነ 1947 ኣብ መበል 47 ዓመቶም ሞይቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተቐብሩ ብ5 ሓምለ 1947 ኣብ ዓዶም ከተማ ዓዲ ቐይሕ ኣብ ዝተገብረሎም ካልኣይ ቀብሪ፡ ተመልሶ ቑለተ፡ ክምዚ ኸብሉ

ኣልቀሱሎም።

### ሎሬንሶ ታእዛዝ

ደቂ ኣከለን ጉዛይን እንታይከ ትፈልጦም
ዓጽሞም ከይንካእ ዝበኽዩ ኣቕበጥቢጦም፣
ቶርዓ ሚኒፈረ ኣበይከ ትፈልጦም
ጕልባቦም ከይቅላዕ ዝበኸዩ ኣንቀጥቂጦም፣
ሰራየ ሓማሴን ኣበይከ ትፈልጦም
ዝበኽዩልካ ኣዒንቶም ኣፍጢጦም፣
ባጽዕ ሰምሃር ኣበይከ ትፈልጦም
ዝበኽዩልካ ገንበሮም መሊጦም
ሓያል ወደረኛ ከይዓብጦም፣
ሓባብ መታሕት እንታይከ ትፈልጦም
ዝበኽዩልካ ሴፎም ኣምበጥቢጦም
ከንትብነት ጐንደር ከየምልጦም
ኣራዊተ ገዳም ከይውሕጦም።
ኣመሪካ እንግሊዝ ሞትካዶ ፈሊጦም
ዘኽበሩኻ ፊርማኦም ወቂጦም፣
ሩስያ ፍራንሳ ሞትካዶ ፈሊጦም
ዘኽበሩኻ ማሕተሞም ጸቒጦም፣
ኢትዮጵያኸ ኩሎምዶ ፈሊጦም
ክበኽዩልካ ድምጻቶም ለዊጦም፣
ብትሬንታቺንኰ[1] ምስ ኮነ ገልጠምጠም
ንኛንሆይ ምድሪ ምስ ወሓጦም
ከዱ ደኣ ገምበሮም ገልቢጦም
ባሕታዊ መሲሎም በላዕ ጠጠም
ኣብ ሎንድራ መንበሮም ለቑጦም
ኣብ ማእከል ነገስታት ተቐሚጦም
ሓደ መዝገብ ጽሒፎም ሓንጢጦም
ሎሬንሶ'ሞ ለኣኹ ብልሓቱ ፈሊጦም
ንፋሽስታይ በሎ በል ተፈጠም።

---

[1] ተመልሶ፡ ብቛንቋ ጣልያን ትሬንታቺንኰ (35) ክብሉ ኸለዉ፣ እቲ ፋሺስት ኢጣልያ ካብ ኤርትራ ተበጊሳ ንኢትዮጵያ ዝወረረትሉ 1935 ማለቶም'ዩ ።

ሳላ እንግሊዝ ዓወት ተሻይጠም
ወራሪእም ከም ተመን ቀጥቂጠም
ናብ ዝፋኖም ተመልሱ ኣራጢጠም።
ሓጺንዶ ኸብለካ ዘይቐርጠም
ጸላእቲ ኸመጹ ኣቐይጠም[1]
እምኒ ጎቦ ብላዕሊ ትጸቕጠም
ገበል ሩባ ሃሀ ኢልካ ትውሕጠም
ሎሚ ዝበልናካ ትሓልፍ ጭልቁጠም[2]
ናይ ዓድና ሓዳር ከተፍልጠም፡
ጃንሆይ በኸዩ ብልቢ ብውሽጠም
ኣርሓ ኣንበሳ ምስ በልካዮም ዓጠም
ምዉት ኩተስኡ እንተ ዝሰልጠም
ሽሓት መሕለፋልካ ኣላዊጠም።

ተመልሰ ቐለተ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ዓዲ ቐይሕ እንዳ ሜስ ኣትዮም ስትይ ምስ ጸንሑ፡ እቲ ዝኣተዉዎ እንዳ መስተ ዓይኒ ምድሪ ስለ ዘይነበሮ ክሽኑ ንደገ ወጹ። ኣብ መንደቕ ተጸጊዮም ክሽኑ ዝረኣዮም ሓደ ባንዳ ኸኣ፡ "ከተማ ስለ ዘርሳሕካ፡ ሓሙሽተ ፈረንካ ኽፈል ወይ ሓሙሽተ መዓልቲ ተኣሰር፡" በሎም። "ዝርካቡ ኣብ ጁባይ ዘሎ እህበካ'ምበር፡ ሓሙሽተ መዓልትስ ኣይእሰርን፡" ኢሎም ከፊሎም ተገላገሉ። ናብቲ እንዳ ሜስ ምስ ተመልሱ ድማ፡ ከምዚ ኸብሉ ማሰ በሉ።

**ሜስ ጻዕዳ**

በዓል ኣበባ በዓል ዝያዳ
በዓል ደመቀሽ በዓል ዝያዳ
ሱረሙር ተእትዋሉ'ቲ ሜስ ጻዕዳ
ሰቲኻየን ናብ ፍሕኛ 'ወርዳ

---

[1] ኣቐይጠም (ቀይጢ ሓሲቦም) = ኣሽካዕሊሎም፡ ብዋዛ ፈዛዛ ርእዮም።

[2] ጭልቁጡም፡ እዚ ሎሚ ከተማ ሰርሓ ተደኲናትሉ ዘላ ቦታ ዝጽውዓሉ ዝነበረ ናይ ቀደም ስም እዩ። ተመልሰ ቐለተ፡ "ሎሚ ዝበልናካ ትሓልፍ ጭልቁጠም - ናይ ዓድና ሓዳር ከተፍልጠም" ምባሎም ከኣ ካብ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ሰጊርካ ደሃይ ዓድና ኤርትራ ክትገብር ኢና ንጽበ ኔርና ማለቶም'ዩ ዝመስል።

ሓኒቕናያ ንወጽእ ብኸሳዳ
ኣብኡ ንፍርሸሐ ኣብቲ ሜዳ
ረኺቡኒ'ንዶ'ሞ ርጉም ባንዳ
ኣልጊቡለይ'ዘን ዝበታ ዕዳ
ነጊፊያ መጺአ'ዛ ማሕፉዳ፣

ኢሎም ነተን በዓልቲ ሜስ እንዳ ሰልዶም ጥራያ ምኽና ምስ ኣርእዩወን ንሽዓ መዓልቲ ብናጻ ክሰትዩ ኣፍቀዳሎም ይብሃል።

❁

ኣብቲ ብጊዜ ዓደይ ዓደይ ዝፍለጥ ናይ ኤርትራ መጻኢ እንታይ ይኹን ዝብል ጉዳይ ተላዒሉ ብዙሕ ፖለቲካዊ ክርክራት ዝተፈጥረሉ እዋን 1940ታት፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ንመርዓ ተጓዲሞም ንደቀምሓረ ምስ ከዱ፡ ኣብቲ ዝተጓደሙሉ መርዓ ደገፍቲ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ፡ ንቶም ምስ ኢትዮጵያ ንሕበር ዝብሉ ዝነበሩ ደግያት ገብራይ ተኽሉ (ሰሳሕ) ወዲሰም፡ ንቶም ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብሉ ዝነበሩ ራእሲ ተሰማ ኣስበሮም (ማዕረባ) ብምቕንጻብ፡ "ገብራዮ ኮኸብ ሰማየ፡ ተሰማ ክብዲ ሓሰማ፣" እናበሉ ጓይላ ሂር ክብሉ ምስ ሰምዑዎም፡ ንሶም (ተመልሶ ቐለተ) ንገዛእ ርእሶም'ውን ደጋፊ ሕብረት'ኳ እንተ ነበሩ፡ ራእሲ ተሰማ፡ ኤርትራ ንኤርትራውያን (ሃገርና ንባዕልና) ኣብ ክንዲ ዝበሉ ምጽራፎም ኣጕሃዮም። ነቲ ጓይላ ክዘርጉ ኸኣ፡ ሓፍ ኢሎም፡ "ማሰ ማሰ ማሰ ..." በሉ። ብኸብ ዝበለ ኣኽብሮት ዝጥመቱ ማሰኛ ብምንባሮም፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ማሰ ኽብል'ዩ ተባሂሉ፡ ተዓጣቕ፡ "ግደፉ ደርፌ፡ ግደፉ ክበሮ!" ኢሎም ጓይላ በተኑዎ'ሞ፡ ተመልሶ ማሰ በሉ።

**ተገደርና**[1]

እዞም እንዳ ኸንቲባ ኣስበሮም
እንዳ ኸንቲባ ኣስበሮም
ዓዲ ራእሲ ተሰማ እንዳ ኸንቲባ ኣስበሮም
ዓዲ ደግያት በርሀ እንዳ ኸንቲባ ኣስበሮም

[1] ተገደርና = ክኽውን ኣይከእልን'ዩ ኢልካ እትኣምነሉ ነገር፡ ምናልባት እንተ ኾነ፡ ስኑፋት፡ ስዑራት ወይ ርቱዓት ይግበረና ኢልካ ንምፍካር ዝዝውተር ቃል። ንኣብነት - ካብ መሳቱና ከይንሓምቕ ተገደርና! ብሓንካስካ ከይትቕድመንስ ተገደርኩ!

እንተ ተኻትዑ ብሃገርም
እንተ ተማጐቱ ነዛ ምድርም
እንተ ተረሩ ኣብ መትበርም[1]
እንታይ ኣሎ ንዕኦም ዘሕፍርም
እንታይ ኣሎ'ታ ዘውርም
ንጉስ ሽዋ'ውን እንተ መጹ ስዒርም
ተገደርና ንዕኦም ከየሕስርም!

❁

ደግያት ጆርጆ ሃብቲት (ኣ'ዥሩር) ጊሐ ዝቕመጣአ በዓትታት ዝነበሮ ዓበይቲ ደናጉላ እናሰበሩ እብ ዓዶም ዘመናዊ ገዛ ኣስሪሖም ብ1940 ኣቢሎም ከጸምብሉዎ ኸለዉ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ከምዚ ዝሰዕብ ማስ በሉሎም።

ብሽመት ገናሒ

ጆርጆ ሃብቲት ብሽመት ገናሒ
ኣንታ ወዲ ኸፍሎም ብሽመት ገናሒ
ኣንታ ወዲ ኸፍለሓንስ ብሽመት ገናሒ
(...)
ርሻን ተኺልካ ሰባቢርካ ኸውሒ
ሰፈር ክሊእካየን ንገሓሒ
ሲያሕ ገደ'ምበር ተቐይሩ ሰውሒ፡
ናይ ከንቲባ ዘገርግስ ዘጽናሕካያ ብልሒ
ብዓንተቦ በቦኻ ጸናሒ
ከም ፈጣሪ መውግሒ መጽብሒ።

ሞሳ ኸፍላይ ዝብሃሉ በዚ ባሻይ ተመልሶ ዝገብሩዎ ማስ ዝተሓጐሱ ኣዥሩር ዝዓዶም ማሰኛ ኸኣ፡ ምስቲ ህዝቢ ኣዥሩር ይኹን ህዝቢ ጽንዓደግለ ብሓፈሻ ዝኸተሎ ሃይማኖት ካቶሊክን ተመልሶ ቐለተ ዝኸተሉዎ ሃይማኖት ኦርቶዶክስን ኣተኣሳሲሮም ማስ በሉ።

[1] መትበርም = ቦታኦም፡ መስርያም፡ መደቦም።

## እንተ ትሕወሰ

ተመልሶ'ታ ተመልሶ ምላሽ
ወዲ ቐለተ ወዲ ኸም ከሓሰ
ክንደይከ ትኽእሎ ነዚ ማሰ
ኣብዚ ሃይማኖትና እንተ ትሕወሰ፣
ኣብዚ ናትና'ወ እንተ ዝሕወሰ
ጆርጆ ሒዙስ ምድሪ ምጠሓሰ።

ተመልሶ ድማ ንሞሳ ከምዚ ኢሎም መለሱሎም።

## ሞሰ

ሞሰ ከመዓልካ ሞሰ
ተመሊስካ'ንካ ኢኻ ናብ ሕልኻሰ
ካብ ናትናዶ'ታ ናትኩም ይሓይሽ
ኩሉ ሓደ'ንድዩ ዘይተሓየየሽ
ኣሃዱ ኢሉ ዝኣቱ ኣብ ቅዳሰ፣
ነዝማች ጆርጆ[1] ደኣ ክገብረሉ ማሰ
እምበር ኣይመጻእኩን ሃይማኖት ክባእሰ
ሎሚዶ ወደይ ናብ'ዙይ ተመሊሰ
እዝጊ'ለኒ ቀዳም ክይሓርሰ።

እታ ኣብ ገጠር ብኣመንቲ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተባዒላ ትውዕል ቀዳም፡ ብኣመንቲ ሃይማኖት ካቶሊክ፡ ማሕረስ ይኹን ካልእ ሕርሻዊ ዋኒናት ዝዕየያ መዓልቲ ስራሕ ስለ ዝኾነት፡ ሕነ ናይቲ ሞሳ ኽፍላይ፡ "ኣብዚ ሃይማኖትና እንተ ትሕወሰ፡" ዝበሉዎም ክውጽኡ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ነቲ "ካቶሊክ፡ ቀዳም እናደፈሩ ሕጊ ሃይማኖት ክርስትና የፍርሱ'ለዉ፡" ዝብል ሒመታ ኦርቶዶክስ ከላዕሉ፡ "እዝጊ'ለኒ ቀዳም ክይሓርሰ" ኢሎም ምስ ሸምጠጡ፡ ገለ ሰባት ጸረፉና ብምባል ዒም ዒም በሉ። እቶም ኣብ ዳስ ዝነበሩ ወራዙት ካቶሊክ ግን፡ "ሞሳ እንተ

---

[1] ብ1940. ኣቢሉ ገዝእም ክጽንበል ከሎ፡ ደግያት ጆርጆ ኣዝማችዮም ኔሮም።

ዘይትንክፎ መአስ ተመልሶ ክምኡ ምበለ፦" ኢሎም ጠንቂ ናይቲ ዘረባ ሞሳ ምንባሮም ኣረዲኦም ኣህድኡዎም።

❁

ካብ ሔማኦም ትውለድ በኽሪ ጓሎም ክትምርያ ኸላ፡ ኣብ ዓዶም መንደፈራ ገፊሕ መርዓ ጌሮም ካብ ከተማ ከይተረፈ ብዙሕ ዕዱም መጺኡ። ካብ'ቶም ዕዱማት ተጠሚትቲ ዝነበራ፡ እተን ህልም ዝበለ ተቒኒነን ተሰላሊመንን ወዛሕዛሕ ዝብላ ዝነበራ ኮማሮ እየን። ከተማ ክኸዱ ኸለዉ ኣብእን'ዮም ዝኣትዉ ዝብል ሒመታ ከይኣክል፡ ኣብ ቅድሚ ሰበይቶምን ኣሕሙኦምን ንባሻይ ተመልሶ ዕኾኾ ኢለንኦም ከዕልላ ዝረኣዩ ማሰኛ ተስፋ ብርሃነ በዓል ብርኪቶ ከምዚ ኢሎም ማሰ በሉሎም።

**ስምዓኒ**

ተመልሶየ ተመልሶየ
ሓሙ'ሎ ኢልካ ኣይትሓፍር ኣይትደንኒ
ሓማት ኣላ ኢልካ ኣይትሓፍር ኣይትደንኒ
ንበዓል ደሲታ ፈለቀ[1] ስኽ ኢልካ ተዛኒ፡
ማሰኛ ኢልካዶ ኣይኮንካን ዓዲምካኒ
ወይ ዘየዕርፍ ዘይተደቅሰኒ
ወይ'ዚ ዝብሎ ጽን ኢልካ ስምዓኒ፡
ግደፍ'ባ ግደፍ ኣይተጋፍሕ ዓይኒ
ምስ ኣብርሀት ግዳ ዘይ'ቶሳኒ
ኣብ ዘንበርካያ ትጸንሕ ክም እምኒ።

ብዛዕባ ሓዳሮም ኣብ ትዕዝብቲ ምእታዎም ዝተረድኦም ተመልሶ፡ ነተን ሽዑ በዓልቲ ቤቶም ዝነበራ ዘይወለዳ ካልኣይቲ ሰበይቶም ወይዘሮ ኣብርሀት ከየቐይሙ ነዚ ዝስዕብ ማሰ መለሱ።

---

[1] ደስታ ፈለቀ፡ ኣብ ዓዲ ቐይሕ ኣዝየን ፍልጥቲ ዝነበራ ኮማሪት'የን።

### ይራሕርሓ

ጓል ንጉሰ ዓቓ ዘይተውድቕ ኒሓ
ቈልዓ ካሳ ዘይተውድቕ ኒሓ
እዘን ዝቑነና ዝስራሓ
እዘን ዝስለማ ዘውዛሕዝሓ
ደጊም ይጠንጠና ይራሕርሓ
ኣብርሀትዶ የላን ቀያሕ ብቐያሓ
ካብ ናይ ካልእ ነጪ ናታ ዳግሓ[1]
ካብ ናይ ካልእ ድቋ ናታ ኣሰር ውሃ፣
ደጊም ይጠንጠና ይራሕርሓ
ኣነ ተመሊሰ እየ ናብ ንስሓ
ከምኡ እዩ ዝገብር ሀጡር ኣርሓ
ሰሪሩ ሰሪሩ ዝምለስ ናብ ኣሓ።

ሓማቶም፣ በዚ ንጓለን (ወይዘሮ ኣብርሀት) ዝንእድን ኑተን ፈተውቶም ዝነበራ ኮማሮ ረጥሪጠን ኣብእን ክውሰኑ ም'ዃኖም ዝገልጽን ማሰእም ተሓጕሰን፡ "ኣርሒ ሂበካ'ለኹ!" በልእም። እቶም ዕዱማት ከኣ፡ "ኣፍ ክጥዕም ኢሉ ማሰ ናይ ዝበለሰ ብልቡዶ ኮማሮ ዝገድፍ መሲሉወን'ዩ ኣርሒ ዝስልምእ'ዘን ሰበይቲ ..." እናበሉ ጕጅምጅም በሉ። ተመልሶ ድማ፡

### ጠጥዑሙ

ኣቱም ሃገርየ ኣቱም ሃገርየ
እንታይ ሕሽኹሽኹ እዩ እንታይ ጕጅምጅሙ
ከማይ ተዛረቡ ጠጥዑሙ
ከማይ ተዛረቡ ለልኡሙ
ምስ ኣረግኩም ጣዕዋ ክትግዘሙ!

ኢሎም እስሓቑዎም'ሞ፡ ወይዘሮ ኣብርሀት ኣጸቢቐን ክሕጐሳ ኸኣ ከምዚ ኽብሉ ካልእ ማሰ ወሰኹወን ይብሃል።

[1] ዳግሓ፡ ብጃንቋ ሳሆ ገዓት ማለት'ዩ።

**ውላድ ሓቂ**

ኣንቲ ጓል ንጉሰ ውላድ ሓቂ
ጓል ክንቲባ ባይኖሳይ ውላድ ሓቂ
ኣንቲ ጓል ኣጽብሃ ውላድ ሓቂ
(...)
ጸሊላ ዝወጸት ከም ኣረቂ
መልክዓ ዝመስል ጸሓይ በርቂ
በዛ ሎሚ ለይቲ እንተ ትሕዚ ድቂ
ሽሙ መውጻእናሉ ኣፈወርቂ
ኣብ ጥምቀቱ ምግበርና ሳሕቂ።

❁

ስዩም ኣጽብሃ ዝብሃሉ ወረጃ ዓዲ ለጃ ዝነበሩ ሰብኣይ፡ ጸልማት ተጕልቢቦም ብዝመጹ ሰብ ብረት ምስ ተቐትሉ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ከምዚ ኽብሉ ኣልቀሱሎም።

**ደመ ስምዒ**[1]

ኣታ ወዲ ኣጽብሃ ተሰራዒ
ኣታ ቈልዓ ኣቶይ ተሰራዒ
ኣታ ቈልዓ ሰቓር ተሰራዒ
ክሳድካ ዝመስል ዛብያ ጉልዒ
ኣጥፍኡኻዶ ተኸዊሎም ጸግዒ
'ዛ ርእስኻ ገበሩዋ ገልዒ፡
ዝብኢዶ መሲሉዎም ተባላዒ
ሓዊዶ መሲሉዎም ተባራዒ
ኣብ ጀበና ጌሮምልካ ወግዒ
ኣብ ሳርማ ስዋ ጌሮምልካ ወግዒ
ሕጂ ክስሕቁ እዮም ደሓር'ሞ እንድዒ
ስድሪ ኣይሰድድን'ዩ ደመ ስምዒ።

እቲ ፈጻሚ ገበን፡ ንገለ እዋን'ኳ ክይተፈልጠ እንተ ጸንሐ፡ ከምቲ ባሻይ ተመልሶ ኣብ መልቀሶም ዝበሉዎ ንጹህ ደም ስዩም ኣጽብሃ ኣይሰደዶን -ተታሒዙ ንፍርዲ ቐረበ።

❁

---

[1] ደመ ስምዒ = ንጹህ ደም።

ባሻይ ተመልሶ፣ ኣብታ ብማሰኛ ከበደም ተኪኣ፡ "ኣባት ዛርና" ዝተበሃሉላ መርዓ ውባ ጓል ኣዝማች ሓጐስ ንጉስ (ጥሪ 1963) ኣብ ከሸዓት ገብረመድህን ብሰራት ምስኦም ማሰ ኺብሉ ውዒሎም ስለ ዘሐጐሱዎም ንዕኦምን ነቶም ከምኦም ኣብቲ እዋን'ቲ ውሩያት ዝነበሩ ከም ተካእቶም ዝቜጽሩዎም ከኢላታትን ከምዚ ኢሎም ማሰ በሉሎም።

**ከገድፈኩምዶ**

ገረመድህን ወደይ ጨለ ኢኻ ጨለ
ኣከለን ጉዛይን ዝበሉኻ ጨለ
ሓማሴን ሰራየ ዝበሉኻ ጨለ
ከእለ ኢለ ኣነስ ከእለ ከእለ
ብዕራይ ስጋ ኾይኑ ዝሸምገለ
ቆላስ ኣለዋ ከፍላት ተኸለ
ነጋሽ ከኣ ኣሎ ከማኻ ዝበለ
ሓዲኹም ሽመጃና ሓዲኹም ወደከለ
ከገድፈኩምዶ ብመጽዓን መቒለ ።

⁂

ኣብ ጊዜ ጣልያን፣ ደግያት ገብራይ ተኸሉ ኣብ ዝገበሩዎ ብዙሓት ፍሉጣት ማሰኛታትን መኳንንትን ዝተረኸቡሉ ዓቢ ውራይ፣ ባሻይ ተመልሶ፣ ከምዚ ኢሎም ማሰ በሉሎም።

**ጐይታ ባሕሪ**[1]

ጐይታ ኣከለጉዛይ ጐይታ ባሕሪ
ጐይታ ዓንምቦሳ ጐይታ ባሕሪ
ጐይታ ዓገመዳ ጐይታ ባሕሪ
ጐይታ ባጽዕ ጐይታ ርእሲ ምድሪ
ኣሸንኳይ'ዞ እንዳ'ቦና 'ዞ ሃገሪ
ይደልየካ'ቱ ኔዋይ ስግሪ
መድፍዕን ትርሽን ናትካ ድጕሪ፣

[1] ደግያት ገብራይ፣ ምስሌነ ደቡባዊ ባሕሪ (ኣከለጉዛይ ዝወርዱዎ ክፋል ባሕሪ) ስለ ዝነበሩ እዮም፡ ተመልሶ ቐለተ፣ "ጐይታ ባሕሪ" ኢሎም ዝሰመዩዎም።

ጸሓይ ክበርቀልና ማይ ክዛሪ
ሓንቲ ነገር ኣላ ዘይትቐሪ
የማናይ ጸጋማይ ክይትሽሪ
'ዛ ናይ ቴድሮስ ዝብሉዋ ንግሪ[1]
ገብራይ ክይከውን'የ ዝጥርጥሪ
ይከኣሎ እዩ ኸኣ ንፈጣሪ።

ባሕሪ ኸይዱ ሓረስታይ ዘፋጥን
ልቡ ሰፊሕ ብትርኢቱ ቐጢን
ኣፈ ንጉስ ብግዳምን ውሽጥን
ከም ገሊኦም ዘይበለ ዕጥንጥን
ጕይታ እንዳ'ቦ ኣውራን መራጠጥን
ሓቅኻ ኢኻ ክንድ'ዙይ ክትስልጥን።

❂

ባሻይ ተመልሶ ምስ ናስር ፓሻ ኣቡበከር[2] ኣዝዮም ይፋተዉ ኸም ዝነበሩ ይዝንቶ። ናስር ፓሻ ብኽእለት ተመልሶ ይግረሙ ስለ ዝነበሩ መሊሶም ክነፍዑ ተስፋ ይሀቡዎምን ኣያ ይኾኑዎምን ኔሮም ይብሃል። ከምኡ ብምንባሮም እዩ ኸኣ፡ ከም ገለ ጽግም ክብሎም ከሎ፥ ምስ ክልተ ኽልኦት ፈተውቶም - ተመልሶ እማን (ዓዲ ቐይሕ)ን ፈተውራሪ ገብረመስቀል ወልዱ (ኣኾሩር)ን - ሓዊሶም፡

ናስር ባሻ ካብ ሙስሊማን
ካብ ክርስቲያን ተመልሶ እማን
ገረመስቀል ወልዱ ካብ ትርጁማን
ነዚኦም ሒዝካስ እዝግኸ ምልማን፧

ዝብሉ ዝነበሩ። ከም መግለጺ ናይቲ ዝነበሮም ዕርክነት ድማ፡ ተመልሶ፡ ንናስር ፓሻ እዚ ዝስዕብ ማስ በሉሎም ይብሃል።

---

[1] "ቴድሮስ ዝብሃል ብሩኽ ሰብ ኣብ ዝነግሰሉ እዋን፡ ዓለም ብምልእታ ሰላምን ራህዋን ክሰፍና እዩ፡" ዝብል ትንቢት ኣብ ሓደ ሓደ መጻሕፍቲ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ክንገር ስለ ዝጸንሐ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ካብኡ ተበጊሶም'ዮም እቲ ዝተነበዩሉ ቴድሮስ ደኣ ክይትኸውን ኢሎም ንደግያት ገብራይ ዝነኣዱዎም።

[2] ናስር ፓሻ ኣቡበከር፡ ብጊዜ ጣልያን፡ ሓለቓ ኣሕሉቕ (capo dei capi) ተባሂሎም፡ ኣብ ዓዲ ቐይሕ እናተቐመጡ፡ ንሓሙሽተ ምስሌኔታት ዓሳውርታ ከመሓድሩ ሓላፍነት ዝተዋህቡ ፍሉጥ ሹመኛ ሳሆ ነበሩ።

### ናስር ባሻ

አቱም ናስር ባሻ ናስር ባሻ
ኣብ ዝኸድኩም ኬድኩም መናገሻ
ግጻ ዝመጸኩም እንካብ ኣውሳ
ኣሓኹም ዝወፍራ ብዘይ ጓሳ
ይትረፍ ዝብኢ ዘይደፍረን አንበሳ
ነታ ቐላይ ንሰኹም ንጉሳ
ንምድሪ'ውን ንሰኹም ንጉሳ
ፍርቂ ለይቲ ትገብሩ ኣልዕሻ
ሰበይትኹም ባርኖስ መብኢ. ጥሻ።

✽

ተመልሶ ቐለተ፡ ገና ብጉበዞም ዲያት ሓረሶም ኣብ ቀውዑ ከዓጽዱ ምስ ወረዱ፡ ምስሌን ናይቲ ቦታ ምስ ዝነበሩ ሹም ሳልሕ ባሮለ (ቤት ሊሊሽ) ተራኸቡ። ሹም ሳልሕ ከኣ ብጽቡቕ ተቐበሉዎም'ሞ ተመልሶ ተሓጐሶም ማሰ በሉሎም።

### ሹም ሳልሕ

ሹም ሳልሕየ
ጕይታ ባሳስሎ ጕይታ ዓሌታባ
ጕይታ ዓጓሃ ጕይታ ዓሌታባ
ጕይታ ኡምለ ጕይታ ዓሌታባ
ብርቱዕ ቀላይ ዘለካ ሰበባ
ዲያት ዓድኻ ዕምብረ ጕልባባ
ጠበንጃዶ ትትኰስ ብዘይ ድባ[1]
እንዳ ሊሊሽ አስተኻዮም ጸባ
ድሕሬኻ መን ክዓጥቆ ስረ-ክሳ ቶባ!

✽

[1] ድባ = ቃዕታ ብረት ምስ ተሳሕበ፡ መዓኰር ጥይት ሃረማ፡ ዓረር ክም ትትኩስ እትገብር መርፍእ።

ኣብ ሓደ እዋን ናይ መግዛእቲ ጣልያን ምስሌነ ዓረት ዝነበሩ ደግያት መዓሾ ዘወልዲ (ሓላይ)፣ ብ1937 ደግያት ተባሂሎም ኣብ ዓዲ ቐይሕ ሽመቶም ከጸንብሉዎ ኸለዉ ካብ ዝነበሩ ማሰኛታት ገብረመድህን ክፍለን ገብረኺዳን ሳህለን እናተቐባበሉ ንተመልሶ ቐለተ ማሰ ምባል ከልኡዎም'ሞ፡ ተመልሶ ዝገበሩ ጌሮም ኣብ መንጎ ኣትዮም ከምዚ በሉዎም።

ተዛረቡ ቦዱ

ኣንታ ገረመድኂንየ ወዲ ኽፍለዶ ክብለካ ብጉንዱ
ኣነ ዝበልኩዎ ኣይተማዕዱ
ኣንታ ገረኺዳንየ ወዲ ሳህሊዶ ኽብለካ ብጉንዱ
ኣነ ዝበልኩዎ ኣይተማዕዱ
ወይ ተመሃሩ ናብ ኣስኳላ ኺዱ
ወይ ከምዚ ናተይ ተዛረቡ ቦዱ።

ተመልሶ፡ ነቶም ተሻረኽምሎም ዝጸንሑ ማሰኛታት ብኽምዚ ኣባጭዮም ናብቲ ቐንዲ ማሰኦም ክሓልፉ እናሓሰቡ ኸለዉ፡ ሓሜን፡ ብሓደ ወገን ናይቲ ዳስ፡ "ኣለየ ለለየ" እናበሉ ክውድሱ ጀመሩ'ሞ ንዕኦም'ውን፡

ያሒት ኣሜን

ኣነስ'ኳ እዛረብ ምዝጉብን ትርጉምን
ዝተዛረብኩዎ ኸኣ ኣይደግምን
ይገርመኒ ኣነ ናይ'ዞም ሓሜን
እንተላም ልመና ያሒት ኣሜን
ምስ ሰበይት'ኻዶ ዳሰ ዳስ ይልመን፤

ኢሎም ከፍ ኣበሉዎም። ማሰኦም እናቐጸሉ ኸለዉ፡ እምብልታ ፋም ፋም ኢሉ ስለ ዝጎንቀፎም ከኣ ናብ እምብልታ ግምጥል ኢሎም ከምዚ በሉ።

እምብልታ

'ዛ ናይ እምብልታ ፌጽፌጽሲ እንታይ እዩ ሕጋ
ወይ ከምዚ ኸማይ ኣይቈጽራ ኣበስጋ
ወይ ኣንበጣ መጺኡ ኣይሰጓ
ኣኪብካ'ባ እንተ ተውርደን ዕዳጋ
ኣበይ'ሞ ከየውጽኣ ዋጋ!

ንየማነ ጸጋሞም ብማሰ ጩጕራፎም ነቲ ዳስ ዝግ ምስ'በሉዎ፣ "ክንደይ ሰብ፣ ሸመት እናተዋሀበስ እንታይ ኮይኑ እየ ኣነ ዘይረኸብኩ፣" ኢሎም ዝሓሙላ ዝነበሩ ጉዳይ ብምልዓል ብማሰ ናብ ደግያት መዓሾ ጥርዓን ኣቕረቡ።

**ቀሚሽ**

ንማሰኛ ዝኾነ ተመልሶ ወሰዶ
ንበዓል ወግዒ'ውን ተመልሶ ወሰዶ
ንምስሌነ ኸኣ መዓሾ ወሰዶ
እንታይ'ሞ ረኺበ'ንዶ ጋዶ
ማንም ወዲ ማእምን እናተኣንገዶ
ናብ ሸመት ክጥምት ሓሲረ ብማዕዶ
ምጽእ ዘይብለኒ እንታይ ወረዶ
ተሳኢኑዶ'ታ'ዙ ናተይ ዝፈርዶ!

ደግያት መዓሾ፣ ተመልሶ ይታረሩዎም ብምንባሮም መዓርግ ክይረኽቡ ጸቒጠሞም ስለ ዝጸንሑ፣ "ተመልሶ፣ ንዓ ንዓ ኣነ እየ ዝጽይቐልካ ኔረ'ሞ ደጊም ይቕረ ኢለልካ ኣለኹ፣" ኢሎም ተናሲሖም፣ ክይደንጐዩ ንጣልያን ሓቢሮም ባሻይ ኣውሃቡዎም ይብሃል።

⁂

እቶም ቀደም ብጐበዞም ንወጽዓ ወገኖም ሕነ ብምፍዳዮም ብእንዳ'ቦ ጽቡቕ ስም ክም ዝገደፉ ዝንገረሎም ኣብ ጊዜ ጣልያን ምስሌነ እንጋንእ ዝነበሩ ደግያት በኹሩ ተስፋት ኣብ መበል ዳሕረዋይ ሰብዓታት ዕድሚኦም ሽምጊሎም ዝረኣዩዎም ተመልሶ ቐለተ ክምዚ ኸብሉ ማሰ በሉሎም።

**ሓው ሳንደ**

ኣለኹምዶ በኹሩ ሓው ሳንደ
ወዲ ተስፋት ሓው ሽቃ ጊደ
መስሓል መሰረትኩም ዓዲ ዒደ
እናሰርዐ ዝኸይድ እናፈረደ
እናበረቐ ዝኸይድ እናነጐደ

ኣሪግኩምዶ ርእስኹም በርዓደ[1]
ኣርኪባትኩም እዛ ዓለም ዳንደ።
ሰላሳ ዝቐትሉ ሕነ ሓደ
ብዘይ ጠበንጃ ጥራይ ብጕራደ
ንስኹምን ካልእን መኣስ ሓደ
ከማኹም'ሞ መን'ዩ ዝወለደ።

ነጋሽ ሳግላ፡ ኣባል ቤት ፍርዲ ሰንዓፈ ተመዚዝካ ስለ ዘለኻ ማሰን መልቀስን ግደፎ ምስ ተባህሉ፡ ኣቶ ገብረመድህን ብስራት'ውን፡ "ነጋሽ መዘናይ ዘይብሉ እንታይ ማሰ ኸብለሉኣ፡" ኢሎም ገዲፎሞ ኔሮም። ኣብዚ ክልቲኦም ማሰ ምባልን ምልቃስን ኣቋሪጾሞ ዝነበሩሉ ጊዜ፡ ነዛ ማሰ ከምዛ ዘይ'ንታዮም ስኽ ኢሎም ከሕልፉዋ ምስ ረኣዩዎም እዮም ከኣ፡ ተመልሶ ቐለተ፡ ከምዚ ኽብሉ ን'ኽፍላት ማሰ ዝበሉሎም።

ናባኻ ተመሊሱ

እንታ ኽፍላትየ ኽፍላትየ
ጽቡቕ መልክዕ ከም ንጉስ ኢያሱ
ከም ደበና ዘጽልል'ቱ ጋዕሱ
ቅብኣ ቕዱስ ዝሕለብ መልሓሱ
ምስ ሰብ ዘይፈልጥ ተባኢሱ
ነጋሽን ገረመድሂንን ካብ መንኰሱ
እንዳ'ቦና ናባኻ ተመሊሱ።

"የመንዙስካ ደኣ ተመልሶስ'ኢለዮ ብልበይ። ምስ ክፍላት ተኸለ እናተበራረዩ ማሰ ኸብሉ ምስ ረኣኹዎም ከዓ፡ ንሸመት ወዲ ሸመት ክብልዶ ነዛ ማሰይ ኣጥፊኢያ ኢለ ካን ቀኒኣ፡" ይብሉ ኣቶ ነጋሽ።

ማሰኛ ኽፍላት ድማ፡ ንተመልሶ ቐለተ ከምዚ ኢሎም መለሱሎም።

---

[1] በርዓደ = ጻዕደወ። ተመልሶ ቐለተ፡ ኣብዚ ማሰ'ዚ ንደግያት በኸሩ "ርእስኹም በርዓደ" ክብሉዎም ከለዉ፡ ርእስ'ኹም ብሽበት ጻዕድዩ ማለቶም'ዩ ።

**ቁብዐይ አስፈ**

ተመልሶየ ተመልሶየ
ሓደዶ ኺንካ ክንዲ እልፈ
መዳይቦ ተውጽእ ካብ ጸድፈ
ዘይትድፋእ ዘለኻያ ሰልፈ
እንታይ'ሞ'ዞም እንዳ'ቦናሲ
ነዙ ማሰ ይሓሰቡዎ ኸም ደርፌ
ማሰኻ ይሕሰብ ከም ደርፌ
ማሰ ኣቦይ ወለድንግል ይሕሰብ ከም ደርፌ
ማሰ ባሕረጋስ ጭሮም ይሕሰብ ከም ደርፌ
ማሰ ኻሕሳይ ሰምዲ ይሕሰብ ከም ደርፌ
ዓቐች ኢለ እንተ ሰኢነ ትርፌ
ንዘረባዶ ኣልዩኒ ወልፈ
ኣነ'ውን ኣለኹ ቌብዐይ አስፈ።

✿

ተመልሶ፡ ብልዑል ሞያዊ ኣኽብሮት ዝጥምቱዎም ዝነበሩ ውሩይ ማሰኛ ብላታ ደበሳይ ጭሮም ምስ ሞቱ ከምዚ ኸብሉ ኣልቀሱሎም።

**ደብሹ**

ወዲ ባሕረጋስ ጻዕዱ ክብለካ ብርእሱ
ወዲ ባሕረጋስ ጭሮም ክብለካ ብርእሱ
ወዲ እገላ ሓጺን ክብለካ ብርእሱ
ወዲ ኣከለን ጉዛይን ክብለካ ብርእሱ
ወዲ ዓናይ ሌንይ ክብለካ ብርእሱ፤
ኣቱም ሃገርየ ኣቱም ሃገርየ
ኣርሓ እንተ ሞተ ኣርሓ ኣንግሱ
እንተ ኾነ ኣይርከብን'ዩ ከም ደብሹ
ወይ ጐናይ ትኸውን መላለሱ
ወይ ሓርፋፍ ትኸውን'ታ መልሓሱ
ሰብ ኣጥፊኡ ይጠፍእ ንነብሱ
እምበር መን ክርከብ ግዳ ከም ደብሹ!

✿ ✿ ✿

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay